ERI-PLATFORM
Enlighten, Engage, Unite

*"Eritrea at a Crossroads:*
*A Narrative of Triumph, Betrayal and Hope"*

www.eri-platform.org

# ኤርትራ ኣብ ቃራና መንገዲ

ኤርትራ ከም ሃገር፣ ምእንቲ ሓርነት፣ዳግመ-ህንጸትን ልምዓትን ሃገር፣ ናጽነት፣ ግስጋሴን ራህዋን ህዝቢ፣ ብርቱዕ ቃልሲ ኣካይዳ፣ ከቢድ መስዋእቲ ከፊላ። ክንድ ዚኾነ፣ ኣብ ናጻ ኤርትራ እቲ መበገሲ ዕላማ ሽቶኡ ስሒቱ ክትርኢ ኣዝዩ ኣሳቓዪ፣ ክትእመነሉ ድማ ብሓቂ ዘይጽወር ኢዩ። ይኹን'ምበር፣ ብዘይካ ነዚ ዘይቅቡል ክዉንነት'ዚ ምግጣምን ንኽትቅይር ምጽዓርን ካልእ ዜዋጽእ ኣማራጺ የለን።

እንታይ ጌጋ ኢዩ ተፈጺሙ፤ ስለምንታይ፤ ብኸመይ ከ ኪዕረ ይከኣል፤

*ኤርትራ ኣብ ቃራና መንገዲ - ታሪኽ ዓወት: ጥልመትን ተስፋን፣ ንድፊ ኣሰር ታሪኻዊ ኣመዓባብላ ኤርትራ: ካብ ቅድመ-መግዛእታዊ መዋእል ክሳብ ድሕሪ ናጽነት፣ ተትሕዝ። ንኤርትራ ግቡእ ታሪኻውን ጀኦፖለቲካውን ቦታኣ ንምትሓዝ ብምሕላን፣ ንዚበለጸ መረዳእታ ናይቲ 'መሰረታዊ ጠንቅታትን ቀንዲ ደራኺ ረቛሒታትን' ናይቲ ህሉው ዅነትን ንደሞክራስያዊ ዳግመ-ድኹና መንግስቲ ዘጋጥሙ ብድሆታትን: ተበርክት። ብተወሳኺ፣ ሰረት ውድዓዊ መረዳእታ ናይቲ ህሉው ዅነታት ከተንጽፍ፣ መኣዝን መጻኢ ጕዕዞ ኪትሕብር ትፍትን።*

ጐድኒ ንጐድኒ ምስ'ዚ፣ www.eri-platform.org ከም መድረኽ ናይ ዚሰፍሐ ዝርጋሐ ርጡብ ኣሳታፊ ልዝብ ንሃገራዊ ዳግመ-ድኹናን ተሃድሶን ተገልግል። ብመንጽር'ዚ፣ ዕላማ ተርታዊ ኣቀራርባ ነፍሲ ወከፍ ምዕራፍ፣ ብመልክዕ ሓጺር ጽማቕ፣ እንታይነት ወይ ፍረ-ነገር ናይታ መጽሓፍ ንምእማት ኢዩ። እዚ ድማ፣ ዚዓመቔ ተገዳስነት ኣብቲ ዛንታ ብዓቢኡ ንምድራኽን፣ ጽምዶ፣ ሓተታን ርእይቶን ንምትብባዕን ይሕልን።

እቲ ኣጠቓላሊ ዕላማ ምስላጥ ጕጅላዊ ኣኼባታት: ሰሚናራት: ዋዕላታትን ክትዓት መርበብ ሓበሬታ ኢንተርነትን፣ ኣብ መባእታዊ ፍልጠት ናይቲ ቀንዲ መዳያት ዘመናዊ ታሪኽ ኤርትራን ሓባራዊ መረዳእታ ህሉው ዅነታት'ታ ሃገርን ዚተመርኰሰ ሃናጺ ዘተ ንምድራኽ ኢዩ። እዚ ድማ: ሓባራዊ ራእይ ናይ ሓንቲ ኣብ ቅዋማዊ ስርዓትን ደሞክራስያዊ መትከላትን ዚተመስረተት: ግዝኣተ-ሕጊ እትኽተልን ሰብኣዊ መሰላት እተኽብርን: ሃገረ ኤርትራ ንምኹስኳስ ኢዩ። እቲ ናይ መወዳእታ ሽቶ: ነቲ ህሉው ክዉንነት ሃገርና ምስቲ ነቲ ምእንቲ መሰል ርእሰ-ውሳኔ ዚተኻየደ ቃልሲ ዚዓንገለ መበቈላዊ ዕላማታት - ሓርነት: ፍትሒ: ደሞክራስን ራህዋን ንኹሉ - ኣብ ምትኽኻል ኣበርክቶ ንምግባር ኢዩ።